# ኣነዶ ይርሳዕ !

ኣነ እንታይ ክብል ብዛዕባ ኣካላተይ፣
ኩሉ ምቹዊ ዝወፀኒ የብለይ፤
በዓል ኣሰሊ በዓል ማስካሮ
ኀዶናታት ኩሉ ለኪዖም ብሜትሮ፤
ግና ብምትዕርራየ ናይ ካትራመ ጉዳይ
መን ክሓስበለይ መን ሓላየይ።

ኣነዶ ይርሳዕ - - -
ኣዶ ጀጋኑ ኣዶ ኹሉ ተባዕ።

ኀይታ ሰሊጥ ኀይታ ወርቂ
ኀይታ ዕጣን ኀይታ ስንቂ፤
ኩሉ በብዓይነቱ ንደቀይ ዓንጊለ፣
ክኾነለይ ኢለ ኣዕብየ መልሚለ፤
ወሊደስ መኺነ ቃህሚመ
ኣይማዕበልኩን ኣነ ባዲመ።

ኣብ ደደቢት ንኹሉ እንትቕበል፣
ሕልሚ ነይሩኒ ኩሉ ከምዝዓስል፤
ንኹሉ እንተጋይሸ ከም እምነተይ
ኣይገበርኩን ኣነ ዳልዋ ኣፈላላይ።

ውዕሊ ነይሩና ምስኩላቶም፣
ክናሓናሓሎም ዕቑባ ክኾኖም፤
ድሕሪ ዓወት ክሓልዩለይ፣
ንኽፍፅሙለይ ሓሳብ ልበይ፤

ስሑል ነይሩ በኹሪ ወደይ፣
ሓየሎም ነይሩ ሕሳስ ውሉደይ፣
ምዕራባዊት'የ ኣካል ትግራይ፣
ፈሊጥኩምኒ'ዶ መን ምዃነይ?

ኣነኳ እንታይ ክብል ዝብሎን
የብለይ፣
ዝተረፍኩም ደቀይ ሕሰቡለይ።

እዩም! ልምዓት ዓዲ ብወዲ ዓዲ
ሃየዳኣ ማ.ል.ሽ ድለይ መንገዲ፤
መልእኽተይ ኣመሓላልፉ፣
ዕሸሸ ኣይትበሊ ኣይትሕለፉ።

ብመምህር ኣፈወርቂ ገ/እግዚኣብሄር